

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Eidgenössisches Justiz- und Polizeidepartement EJPD
Département fédéral de justice et police DFJP
Dipartimento federale di giustizia e polizia DFGP
**Staatssekretariat für Migration SEM**
**Secrétariat d’Etat aux migrations SEM**
**Segreteria di Stato della migrazione SEM**

# ሕጽር ዝበለ ሓበሬታታት

## B
## ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት — መንነት-ወረቐት B

## F
## ንግዜኡ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት — መንነት-ወረቐት F

## F
## ንግዜኡ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባት — መንነት-ወረቐት F

tigrinya/tigrigna/tigrino



# እንቋዕ ብሰላም ናብ ሃገር ስዊዘርላንድ መጻእኩም!

ፍቓድ መንበሪ ኣብ ስዊዘርላንድ ረኺብኩም ወይ ንግዚኡ ተቐባልነት ረኺብኩም ኣለኹም። ኩነታትኩም፡ ብፍሉይ ሕግታት ዝቕየድ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ዚምልከት ኣብዚ ብሮሹር ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ንንውሕ ዝበለ ግዜ ኣብ ስዊዘርላንድ ኽትቕመጡ ኢኹም። ስለዚ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ፡ ንርእስኹም ክእልኩምን ምስ ሕብረተሰብ ተወሃሂድኩምን ክትነብሩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ካልእ ነገራት፡ ንመሰላትኩምን ግቡኣትኩምን ክትፈልጡን ስራሕን ትምህርትን ከተናድዩን ዘካተተ እዩ። ኣብዚ ብሮሹር፡ ኣብ ኩነታትኩም ዝምልከት ፍሉይ ሕግታት ዘተኮረ መባእታዊ ሓበሬታ ከምኡውን ተወሳኺ ኣድራሻታትን ሓበሬታን ዝሓዘ ሊንክታት ክትረኽቡ ኢኹም።

ክፍሊ-ጕዳያት ስደተኛታት SEM

**እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ www.sem.admin.ch/info-integration ብመልክዕ ኤለክሮኒካዊ-ሓበሬታ በዞም ስዒቦም ዘለዉ ቋንቋታት ክርከብ ይከኣል እዩ። ጀርመንኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ ጣልያን፣ እንግሊዝኛ፣ ዓረብኛ፣ ትግርኛ፣ ኩርዲንኛ፣ ቲበትኛ፣ ፋርስ፣ ታምል፣ ሶማልያኛ፣ ከምኡ'ውን ሰርብያንኛ/ክሮኤሽያንኛ/ቦዝንያንኛ**

**www.sem.admin.ch/info-integration**

# ሕጽር ዝበለ ሓበሬታታት

## ተርታ ዝርዝር

B

ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት
— መንነት-ወረቐት B

F

ንግዜኡ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት
— መንነት-ወረቐት F

F

ንግዜኡ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባት
— መንነት-ወረቐት F

# ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት — መንነት-ወረቐት B

B

ስደተኛ፡ ብሰንኪ ዓሌቱ፡ ሃይማኖት፡ ዜግነት፡ ምስ ፍሉይ ጉጅለ ሕብረተሰብ ዝህሉ ምትሕንፋጽ ወይ ብሰንኪ ፖሎቲካዊ ርእይቶታቱ፡ ከቢድ ጉድኣታት ዝበጽሖ ወይ ድማ ኣብ ገዛኡ ወይ መበቖል ሃገሩ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ጉድኣታት ንኽበጽሖ ርጉጽ ፍርሂ ዘለዎ ሰብ እዩ። እዚ ትርጉም፡ ምስ ኩነታት ስደተኛታት ዝተኣሳሰር ውዕል (ውዕል ስደተኛታት ጀነቫ) ምርኩስ ገይሩ እተዋህበ እዩ። ከቢድ ጉድኣታት፡ ብፍላይ ድማ ስግኣት ኣብ ህይወት፡ ኣካላዊ ጥዕና ወይ ናጽነት ኮይኑ፡ ዘይጽወር ስነ-ልቦናዊ ጸቕጢ ዘስዕብ ስጉምታት እዩ። እቲ ደቀኣንስትዮ ንኽሃድማ ዝገብረን ፍሉይ ምኽንያታት ድማ ኣብ ግምት ክኣቱ እዩ። ዝኾነ ሰብ፡ እቲ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ስግኣታት ክበጽሖ ናብ ዝኽእል ሃገር ክባረር ወይ ዳግማይ ከምዝምለስ ኽግበር ከምዘይብሉ፡ ውዕል ስደተኛታት ጀነቫ ይሕብር እዩ።

## ሕጋዊ ኩነታት

**እቲ ሕጋዊ ኩነታት ስደተኛታት፡ ብመሰረት ውዕል ስደተኛታት ጀነቫ እተዋህበ እዩ። ብደረጃ ሃገር፡ ብኣዋጅ ዑቕባ (ዓንቀጻት 58–62 ኣዋጅ ዑቕባ) ዝመሓደር እዩ። እቲ ምስኡ ዝተኣሳሰር ሕጊ፡ ኣብ www.admin.ch/ch/d/sr/c142_31.html ክረከብ ይከኣል እዩ።**

## እተዋህበ ፍቓድ

**ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት፡ ብሕጋዊ መገዲ ክቕመጥሉ ኣብ ዝኽእልሉ ኣውራጃ ንኽቕመጡ ፍቓድ መንበሪ ንኽረኽቡ መሰል (ፍቓድ መንበሪ ናይ ወጻኢ ዜጋታት B) ኣለዎም። እዚ፡ ንሓደ ዓመት ዝጸንሕ እኳ እንተኾነ፡ ከም ስደተኛታት ንኽቕጽሉ ተቐባልነት ንኽረኽቡ ምኽንያታት ክሳዕ ዝሃለወ ድማ መብዛሕቱ ግዜ ይሕደስ እዩ። ኣብ ስዊዘርላንድ ን10 ዓመታት ብሕጋዊ ምስዝቕመጡ፡ ነቶም ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት፡ ቀዋሚ ፍቓድ መንበሪ (ፍቓድ C) ክውሃብ ይከኣል እዩ፣ እዚ ድማ ኣብቲ ህብረተሰብ ተወሃሂዶም ንኽነብሩ ንዝሕተትዎ ረቛሒ እንተማሊኦምን ፍቓዶም ንኽሰረዝ ዝገብር ምኽንያታት ምስዘይህልዎምን እዩ። እቶም ብዕዉት መገዲ ምስ ሕብረተሰብ እተወሃሃዱን ኣብቲ ዝቕመጥሉ ከባቢ ብዝዝረብ ቛንቋ ጽቡቕ ገይሮም ክረዳድኡ ዝኽእሉን ስደተኛታት፡ ን5 ዓመታት ብሕጋዊ መገዲ ምስተቐመጡ ቀዋሚ ፍቓድ መንበሪ ንኽውሃቦም ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም።**

# ንግዜኡ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት — መንነት-ወረቐት F

F

እቲ ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸበ ስደተኛ፡ ፍቓድ ስደተኛ ንኽረክብ ብቑዕ ኮይኑ፡ ዑቕባ ንኽረክብ ዝከልክሎ ምኽንያታት ስለዘለዎ ፍቓድ ዑቕባ ዘይረኸበ ሰብ እዩ። እዚ ድማ ንገዛኡ ወይ መበቆል ሃገሩ ሓዲጉ ዝወጸ ጥራይ ስለዝኾነ ወይ ድማ ካብ ሃገሩ ምስወጸ ብሰንኪ ዘርኣዮ ባህሪ ከም ስደተኛ ተቖጺሩ ፍቓድ ክውሃቦ ከሎ ማለት እዩ። እቶም ዑቕባ ንኸይረኽቡ ምኽንያታት ንዘለዎም ስደተኛታት፡ ግዝያዊ ተቐባልነት ይረኽቡ እዮም።

## ሕጋዊ ኩነታት

**እቲ ሕጋዊ ኩነታት ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት፡ ብመሰረት ውዕል ስደተኛታት ጀነቫ እተዋህበ እዩ። እዚ ግዝያዊ ተቐባልነት፡ ብፈደራላዊ ኣዋጅ ናይ ወጻኢ ዜጋታትን ውህደትን (AIG) (ዓንቀጽ Art. 83-88a AIG) ዝመሓደር እዩ።**

**እቲ ምስኡ ዝተኣሳሰር ሕጊ፡ ኣብ www.admin.ch/ch/d/sr/c142_20.html ክረከብ ይከኣል እዩ።**

## እተዋህበ ፍቓድ

**ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባትን፡ ፍቓድ F ይውሃቦም። እዚ፡ እንተነውሐ ንዓሰርተው ክልተ ኣዋርሕ ይውሃብ፣ ብዝቕመጥሉ ኣውራጃ ድማ ንተወሳኺ 12 ኣዋርሕ ክሕደስ ይኽእል እዩ። ኣብ ስዊዘርላንድ ን5 ዓመታት ብሕጋዊ ምስዝቕመጡ፡ ነቶም ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባትን፡ ፍቓድ መንበሪ (ፍቓድ B)) ንኽውሃቦም ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም። እቲ ዘቕረብዎ መመልከቲ ኣብ ዝምርመረሉ እዋን፡ እቶም ሰበ-መዚታት፡ ንደረጃ ምውህሃድ ምስ ሕብረተሰብ፡ ምትእስሳር ስድራቤትን ናብ መበቆል ሃገር ከምዝምለሱ ምግባር ቅቡል እንተኾይኑን ኣብ ግምት ከእትዉ እዮም።**

# ንግዜኡ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባት — መንነት-ወረቐት F

F

ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸበ ሰብ፡ እቲ ዘቕረቦ መመልከቲ ዑቕባ ዝተነጽገ ግን ከኣ ብሰንኪ'ዚ ዝስዕብ ምኽንያታት ካብ ሃገር ንኽባረር ወይ ንኽወጽእ ዘይክእል ሰብ እዩ፥ ካብ ሃገር ከምዝወጽእ ኽግአር **ኣይከኣልን እዩ** (ንኣብነት፥ ሰነድ ጉዕዞ ክውሃቦ ስለዘይተኻእለ ክኸውን ይኽእል እዩ)፣ **ኣይፍቀድን እዩ** (ከምዝወጽእ እንተተገይሩ፡ ንውዕላት ኣህጉራዊ ሕጊ ምጥሓስ ስለዝኾነ እዩ) ወይ **ዘይምኽንያታዊ እዩ** (ንኣብነት፥ ኣብ መበቆል ሃገር፡ ውግእ ወይ ኩነታት ሓፈሻዊ ዓመጽ የጋጥም ስለዘሎ እዩ)።

## ሕጋዊ ኩነታት

**እቲ ሕጋዊ ኩነታት ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባት፡ ብመሰረት ውዕል ስደተኛታት ጀነቫ እተዋህበ እዩ። እዚ ግዝያዊ ተቐባልነት፡ ብፌደራላዊ ኣዋጅ ናይ ወጻኢ ዜጋታትን ውህደትን (AIG) (ዓንቀጽ Art. 83–88a AIG) ዝመሓደር እዩ።**

**እቲ ምስኡ ዝተኣሳሰር ሕጊ፡ ኣብ www.admin.ch/ch/d/sr/c142_20.html ክረከብ ይከኣል እዩ።**

## እተዋህበ ፍቓድ

**ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባትን፡ ፍቓድ F ይውሃቦም። እዚ፡ እንተነውሐ ንዓሰርተው ክልተ ኣዋርሕ ይውሃብ፣ ብዝቕመጥሉ ኣውራጃ ድማ ንተወሳኺ 12 ኣዋርሕ ክሕደስ ይኽእል እዩ። ኣብ ስዊዘርላንድ ን5 ዓመታት ብሕጋዊ ምስዝቕመጡ፡ ነቶም ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባትን፡ ፍቓድ መንበሪ (ፍቓድ B)) ንኽውሃቦም ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም። እቲ ዘቕረብዎ መመልከቲ ኣብ ዝምርመረሉ እዋን፡ እቶም ሰበ-መዚ.ታት፡ ንደረጃ ምውህሃድ ምስ ሕብረተሰብ፡ ምትእስሳር ስድራቤትን ናብ መበቆል ሃገር ከምዝምለሱ ምግባር ቅቡል እንተኾይኑን ኣብ ግምት ከእትዉ እዮም።**

## መንበሪ ገዛ

B
F
F

ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት፡ ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባትን፡ መስርሕ ዑቕባ ኣብ ዝካየደሉ ግዜ ወይ እቲ መስርሕ ዑቕባ ድሕሪ ምኽያዱ፡ ናብ ሓደ ኣውራጃ ከምዝምደቡ ይግበር። እቲ ውሳኔ ዑቕባ ምስተዋህበ፡ ኣብቲ ዝቕመጥዎ ዘለዉ ኣውራጃ ክቕመጡ እዮም። ኣብ ውሽጢ እቲ እተመደብሉ ኣውራጃ ክቕመጥሉ ዝደለይዎ ዝኾነ ቦታ ክመርጹ ናጻ እዮም። እቶም ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት ዝቕበሉ ዘለዉ ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባት፡ ብበዓል-መዚታት ኣውራጃ መንበሪ ቦታ ወይ መንበሪ ገዛ ክውሃቦም ይኽኣል እዩ። ብዛዕባ ኣድራሻ መንበሪ ቦታኹም ዝምልከት ንዝምልከቶ በዓል-መዚ ኣውራጃ ክትሕብሩ ይግባእ። እቲ እተዋህበ ፍቓድ ዜጋታት ወጻኢ፡ ኣብቲ እተመደበክሙሉ ኣውራጃ ጥራይ ንኽትቕመጡ የፍቕድ።

**ንተኻረይቲ ዝምልከት ጠቓሚ ሓበሬታ፡ ብ16 ቛንቋታት ርኸቡ፥**
**www.bwo.admin.ch/bwo/de/home/wie-wir-wohnen/infoblatt-wohnen/infoblatt.html**

**ማሕበር ተኻረይቲ ስዊዘርላንድ፥**
**www.mieterverband.ch**

# ምቕያር ኣውራጃ

B

ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት፡ ኣውራጃ ንኽቕይሩ ናብ በዓል-መዚ ኢሚግሬሽን ናይቲ ኽግዕዝዎ ዝደልዩ ኣውራጃ መመልከቲ ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም። እቲ ኣመልካቲ፡ ኣብ ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት ብቐዋምነት ደገፍ ዝረክብ ምስዘይከውን ወይ ድማ ብመሰረት ሕግታት ኢሚግሬሽን ንዘቕረቦ መመልከቲ ዝነጽገሉ ካልእ ምኽንያታት ምስዘይህሉ፡ እዚ መመልከቲ'ዚ መብዛሕቱ ግዜ ተቐባልነት ይረክብ እዩ።

---

F

ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት፡ ኣውራጃ ንኽቕይሩ ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም። እቲ ኣመልካቲ፡ ኣብ ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት ብቐዋምነት ደገፍ ዝረክብ ምስዘይከውን ወይ ድማ ብመሰረት ሕግታት ኢሚግሬሽን ንዘቕረቦ መመልከቲ ዝነጽገሉ ካልእ ምኽንያታት ምስዘይህሉ፡ እዚ መመልከቲ'ዚ መብዛሕቱ ግዜ ተቐባልነት ይረክብ እዩ። ኣውራጃ ንኽቕይሩ ዘቕርብዎ መመልከቲ፡ ብቐጥታ ናብ SEM ከቕርቡ ኣለዎም።

---

F

ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ወጻእተኛታት፡ ኣውራጃ ንኽቕይሩ ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም። መመልከቲ፡ ብቐጥታ ናብ SEM ከቕርቡ ኣለዎም። SEM፡ ንዝምልከተን ኣውራጃታት ክውከሱ እዮም፣ እቲ መመልከቲ ፍቓድ ክረክብ እንተኾይኑን እንተዘይኮይኑን ድማ ክውስን እዩ። ኣመልካቲ፡ ምስ ስድራቤቱ ንኽጽንበር መሰል እተልይዎ ወይ ድማ እተን ዝምልከተን ኣውራጃታት በቲ ዝቐረበ ሕቶ ምቕያር ኣውራጃ ዝሰማማዓ እንተኾይነ፡ እቲ ዝቐርብ መመልከቲታት ፍቓድ ይረክብ እዩ።

# ናብ ወጻኢ ሃገራት ዝግበር ጉዕዞ

B F

ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ናብ ወጻኢ ሃገራት ንኽጉዓዙን ናብ ስዊዘርላንድ ንኽምለሱን ዘኽእሎም ንስደተኛታት ዝውሃብ ሰነድ ጉዕዞ ንኽረኽቡ ናብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ናይ ዝቕመጥሉ ኣውራጃ ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም። ንኽመልክቱ፡ ብኣካል ናብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ክኸዱ ይግባእ። እቲ ሰነድ ጉዕዞ፡ ብSEM ዝውሃብ ኮይኑ፡ መብዛሕቱ ግዜ ንሓሙሽተ ዓመታት ዝጸንሕ እዩ።

**ኣገዳሲ፥ እቲ ንስደተኛታት ዝውሃብ ሰነድ ጉዕዞ፡ ናብ ዓድኹም ወይ መበቆል ሃገርኩም ንኽትኣትውሉ ኣየፍቅደልኩምን እዩ። ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸበ ስደተኛ ወይ ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸበ ስደተኛ፡ ናብ ዓዱ ወይ መበቆል ሃገሩ ምስዝጉዓዝ፡ እቲ እተዋህቦ ፍቓድ ስደተኛ ከምዝስረዝ ክኸውን እዩ። ብተወሳኺ፡ እቲ ንስደተኛታት ዝውሃብ ሰነድ-ጉዕዞ፡ ናብ ካልእ ሃገራት ንኽትኣትዉ ብኡንብኡ የፍቕደልኩም ማለት ከምዘይኮነ ኽግንዘብ ይግባእ። እቲ ንቱሪዝም ተባሂሉ ናብ ከባቢ ሸንገን ዝግበር መገሻ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝኸውን ግዜ ብዘይ ቪዛ ብሓፈሻ ኽትበጽሑ ይከኣል እዩ። ናብ ካልኦት ሃገራት ንኽትኣትዉ ግን ቪዛ የድልየኩም እዩ። ንሰብ-መዚ.ታት ናይተን ኽትጉዓዝወን ናብ እትደልዩወን ሃገራት ብኽብረትኩም ሕተቱ።**

---

F

እቶም ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባት፡ ናብ ወጻኢ ሃገር ብናጻ ንኽጉዓዙ መሰል የብሎምን። እቲ ካብ መበቆል ሃገር እተዋህብዎ ፓስፖርትታት ናብ SEM ከተረክብዎ ይግባእ። ፍቓድ ኣብ ዝውሃቦ ኩነታት (ንኣብነት፥ ከቢድ ሕማም ወይ ሞት ኣባላት ስድራቤት) ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ኣውራጃ ብኣካል ብምኻድ፡ መውጽእን መእተውን ቪዛ ንኽውሃበኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ፓስፖርት ካብ መበቆል ሃገርኩም ክትረኽቡ ምስዘይትኽእሉ፡ ንወጻእተኛታት ንዝውሃብ ሰነድ ጉዕዞ ንኽውሃበኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ድማ ንኽትጉዓዙ ከኽእለኩም እዩ። እዚ ሰነድ ጉዕዞ፡ ፍቓድ ንዝተዋህቦ መገሻ ጥራይ ከገልግል ይኽእል።

# ምጽንባር ስድራቤትን ዑቕባ ስድራቤትን

B

ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት፡ ንኣባላት ስድራቤቶም (በዓል/ቲ-ቤት፣ ምዝጉባት መሻርኽትን ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑን) ናብ ስዊዘርላንድ ንኸምጽኡ ይፍቀደሎም እዩ። እዞም ኣባላት ስድራቤት፡ ከም ስደተኛታት ተቐጺሮም፡ ዑቕባ ክውሃቦም እዩ፣ እዚ ግን እዛ ስድራቤት ካብ ሃገር ቅድሚ ምውጽኡ ዝነበረት ኽትከውን ኣለዎ፣ እዚ ምስዘይማላእ ዝኾነ ፍሉይ ኩነታት ኣብ ግምት ኣይኣቱን እዩ። እቶም ከም ስደተኛ ተቐባልነት ካብ ዝረኸቡ ስደተኛታት ኣብ ስዊዘርላንድ እተወልዱ ቆልዑ፡ ከም ስደተኛታት ተቐባልነት ብኡንብኡ ኣይቅበሉን እዮም። ስለዚ ድማ እቲ ቆልዓ ምስተወልደ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ፡ መመልከቲ ዑቕባ ናብ SEM ክቐርብ ኣገዳሲ ይገብሮ፣ እቲ ቆልዓ ድማ ፍቓድ ስደተኛ ክውሃቦ ይኽእል።

---

F

F

እቶም ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባትን፡ ግዝያዊ ተቐባልነት ድሕሪ ምርካቦም እንተወሓደ ድሕሪ 3 ዓመታት፡ መመልከቲ ምጽናባር ስድራቤት ናብ ሰብ-መዚ ኢሚግሬሽን ኣውራጃ ከቕርቡ ይግባእ። ብመገዲ ምጽንባር ስድራቤት ድማ እቶም በዓል/ቲ ቤት፡ ምዝጉባት መሻረኽትን ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ዘይተመርዓዉ ቆልዑን ጥራይ ናብ ስዊዘርላንድ ክኣትዉ ይኽእሉ። እቲ ቅድመ-ረቛሒታት ምጽንባር ስድራቤት፥ እቶም ኣባላት ስድራ ኣብ ሓደ ገዛ ዝቕመጡ እንተኾይኖም፣ ንምልእቲ ስድራቤት ዝኸውን ምቹእ መንበሪ ገዛ ምስዝህልዎምን፣ ኣብ ማሕበራዊ ሓገዛት ዘይምርኮስ እንተኾይኑን ኣብቲ ዝቕመጠሉ ቦታ ብዝዝረብ ቛንቋ ክረዳዳእ ዝኽእል ምስዝኸውንን እዩ።

እቲ ምስ ግዜ ዝኸይድ ረቛሒታት ምጽንባር ስድራቤት ኣብ እተማልኣሉ እዋን፡ እቲ መመልከቲ ምጽንባር ስድራቤት፡ ኣብ ውሽጢ ዝመጻ 5 ዓመታት ክቐርብ ይግባእ። ዕድሚኦም ልዕሊ12 ዓመት ንዝኾኑ ቆልዑ ንምምጻእ ዝቐርብ መመልከቲ ድማ ኣብ ውሽጢ ዝቕጽላ 12 ኣዋርሕ ክቐርብ ይግባእ።

## ውህደት ምስ ሕብረተሰብ

B F F

እቶም ንንውሕ ዝበለ ግዜ ኣብ ስዊዘርላንድ እተቐመጡ ሰባት፡ ኣብ ዝቐልጠፈን ንሓዋሩን ግዜ ምስቲ ሕብረተሰብ ክውሃሃዱ ይግባእ። ነዚ ንምግባር፡ ሓበሬታ ኸትእክቡን፡ ናይቲ ኸባቢ ቛንቋ ክትምሃሩ ጻዕርታት ኸትገብሩ፣ ስራሕ ከተናድዩ ከምኡውን ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ክትሳተፉን ኣገዳሲ እዩ። ስዊዘርላንድ፡ ብመገዲ ፕሮግራማትን ፕሮጀክታትን ኣቢላ ነዚ መስርሕ ውህደት ምስ ሕብረተሰብ ደገፍ ትህብ እያ፣ ንኹሉ ሰብ ድማ ማዕረ ዕድላት ክትህብ ትጽዕር እያ። እቲ ዕላማ ውህደት ምስ ሕብረተሰብ፡ ብመሰረት ብፈደራላዊ ቅዋም ከምኡውን ሓበራዊ ክብረትን ተጻዋርነትን፡ ኣብ መንጎ ዜጋታትን ዜጋታት ዘይኮኑ ሰባትን ብሰላማዊ ኣገባብ ተሳኒኻ ምንባር እዩ።

**ንፖሊሲ ውህደት ምስ ሕብረተሰብ ስዊዘርላንድ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፥**
**www.integrationsagenda.ch**
**www.sem.admin.ch/bfm/de/home/themen/integration.html**

## ንውህደት ምስ ሕብረተሰብ ዝምልከት ደገፍ

B F F

ሓያሎ መንግስታውያንን ውልቃውያን ትካላት፡ ኣብ ውህደት ምስ ሕብረተሰብ ስዊዘርላንድ ዘተኮረ፡ ምሉእ ተቐባልነት ንዝረኸቡ ስደተኛታት፡ ግዝያዊ ተቐባልነት ንዝረኸቡ ስደተኛታትን ግዝያዊ ተቐባልነት ንዝረኸቡ ሰባትን ደገፍ ዝህብ ትምህርታትን ፕሮግራማትን ኣለዉ። ምኽሪ ክትሓቱን ናይዚ እገልግሎት ተጠቐምቲ ንኽትኮኑን ነተባብዓኩም። እዚ ኣገዳሲ ሓበሬታ፡ ብኣውራጃ ወይ ብውልቂ ኣብ ዝመሓደር ኣባያተ-ጽሕፈት ውህደት ምስ ሕብረተሰብ ክርከብ ይከኣል እዩ።

**ንውህደት ምስ ሕብረተሰብ ዝምልከት ደገፍ ዘተኮረ ተወሳኺ ሓበሬታ፥:**



**www.sem.admin.ch/bfm/de/home/themen/integration/foerderung.html**

**ኣብ ኣውራጃታትን ከተማታትን ብዛዕባ ዝግበር ውህደት ምስ ሕብረተሰብ ዚምልከት መወከሲ ነቑጣታት፥**
**www.sem.admin.ch/sem/de/home/ueberuns/kontakt/kantonale_behoerden/kantonale_ansprechstellen.html**

**ኣብ ፕሮግራማት ውህደት ምስ ሕብረተሰብ ኣውራጃ ዘተኮረ ሓበሬታ (KIP):**
**www.kip-pic.ch/de**

## ቤት-ትምህርትን ትምህርትን

ውሉዳት ናይቶም ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታት፡ ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ተቐባልነት ዝረኸቡ ሰባትን፡ ልክዕ ከምቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝቕመጡ ዘለዉ ካልኦት ኩሎም ቆልዑ ትምህርቲ ክምሃሩ ይግባእ። ንመዋእለ-ህጻናት ዘጠቓልል ግድነታዊ ትምህርቲ፡ ዓሰርተው ሓደ ናይ ትምህርቲ ዓመታት ይወስድ፣ ካብ ዕድመ 4 ዓመት ድማ ይጅምር። ድሕሪ'ዚ፡ ብመሰረት እቶም ቆልዑ ዘለዎም ክእለታት፡ ሞያዊ ስልጠናን ትምህርትን (VET) ይወስዱ ወይ ካልኣይ ደረጃን ልዕሊኡን፡ ዩኒቨርሲትን ይመሃሩ።

**ብዛዕባ ግድነታዊ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን ትምህርትን ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፥**
**www.ch.ch/private/00060/00062/index.html?lang=de**
**www.berufsbildung.ch**

## ምቕጻል ትምህርትን ስልጠናን

ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ስዊዘርላንድ፡ ንምልከት ቛንቋን ተክኒካዊ ክእለታትን ብዚምልከት ጥብቂ ረቛሓታት ብቕዓት ከማልኡ ኣለዎም። መብዛሕቱ ግዜ፡ ትምህርታዊ ብቕዓት ወጻእተኛታት፡ ንረቛሒታት ብቕዓት ዕዳጋ ስራሕ ስዊዘርላንድ ኣይማልኣን እዩ ወይ ድማ ኣብ ወጻኢ እተረኸበ ብቕዓት፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ተፈላጥነት ኣይረክብን እዩ። ትምህርቲ ቛንቋ፡ ምቕጻል ትምህርቲ ወይ ካልእ ዕድላት ትምህርቲ፡ ናብ ስራሕ ዓለም ንኽትኣትዉ ሓገዝ ይኾነኩም። ማእከላት ብቕዓት ውህደት ምስ ሕብረተሰብ ከምኡውን ማእከላት ምኽሪ ቀዋሚ-ስራሕ ኣውራጃ፡ ንዘድሊ ሓበሬታን ምኽርን ይህባኹም እየን።

**ኣብቲ እትቕመጥሉ ኣውራጃ ንዝርከብ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ሞያ፡ ትምህርትን ቀዋሚ-ስራሕን ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም፥**
**www.berufsberatung.ch/dyn/show/8242**

B
F
F

## ስራሕ

ናይ ስራሕን ቁጠባውን ርእሰ-ምኽኣል፡ ምስ ሕብረተሰብ ንምውህሃድ ዘድልዩ ኣገደስቲ ረቛሒታት እዮም። ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ንኽትኣትዉ ንዓኹም ከምዝቐልል ዝገብርን ብቑዕ በዓል-መዚ ድማ ንዓኹም ምኽሪ ንኽህበኩምን፡ ነዚ ዕድል'ዚ ተጠቐሙሉ። ብንጥፈት ድማ ስራሕ ከተናድዩ ኣለኩም።

ኣብ መላእ ስዊዘርላንድ ኣብ ዝርከብ ኣርባሒ ስራሕ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ትሕቲ ገለ ኩነታት ድማ ካብ እትቕመጥሉ ኣውራጃ ወጻኢ ንሓደ ሰሙን ኽትቕመጡ ይከኣል እዩ። ኣስራሒ፡ ስራሕ ቅድሚ ምጅማርኩም፡ ኣብቲ ስራሕ ኣብ ዝርከበሉ ዝምልከቶ በዓል-መዚ ኣውራጃ ብዛዕባ እትሰርሕዎ ስራሕ ክሕብር ይግባእ። ንዝህሉ ምቕራጽ ስራሕን ምቕያር ስራሕን ድማ ክሕበር ይግባእ። እቲ ዝውሃብ ሓበሬታ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ኻልእ ነገራት፡ ንሰራሕተኛታት ሓለዋ ንምሃብ የገልግል። ካብ ካልኦት ሰባት ንታሕቲ ደሞዝ ብምውሳድ ስራሕ ንኽይትሰርሑ ድማ ንዓኹም ሓለዋ ንምግባር ዝዓለመ እዩ።

ብዛዕባ ምቕያር ኣውራጃ ንዚምልከት መምርሒታት (ገጽ 7 ርኣዩ) ኽትምእዘዙ ኣለኩም።

**ኣብ ስራሕን ስራሕ ብኸመይ ከምእትረኽቡን ዝምልከት ጠቓሚ ሓበሬታ፥**
**www.treffpunkt-arbeit.ch**

**ንሰራሕተኛታት ዝምልከት ሓበሬታ፥**
**www.ch.ch/private/00054/00055/index.html?lang=de**

# ክንክን ጥዕና

B F F

ኣጸቢቑ ዝማዕበለ ስርዓት ክንክን ጥዕና ኣለዋ። ንስኹምን ስድራቤትኩምን፡ ብጥዕና ብኸመይ ክትነብሩ ከምእትኽእሉን ዘለኩም ዕድላትን ዝምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ ይግባእ። እቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝቕመጡ ሰባት፡ መባእታዊ ሽፈነ መድሕን ጥዕና ክህልዎም ግድነታዊ እዩ።

ከምቲ ኣብ ካልእ ዓውድታት መዓልታዊ ህይወትና እንገብሮ፡ ኣብ ዓውዲ ጥዕና ብዝተኻእለ መጠን ሓበሬታ ክትረኽቡን ርክባት ኽትፈጥሩን ክትክእሉ ኣገዳሲ እዩ።

**ብዛዕባ ምክልኻልን ሕክምናን ኣካላውን ስነኣእምሮኣውን ሕማማት ዚምልከት፡ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ጥዕና (Federal Office of Public Health)፡ ሰፊሕ ሓበሬታ ብእተፈላለየ ቛንቋታት ይህብ እዩ፥**
**www.migesplus.ch**

**ቀይሕ መስቀል ስዊዘርላንድ (Swiss Red Cross SRC)፡ ንግዳያት ስቅያትን ውግእን ከምኡውን ንስድራቤታቶም፡ ሕክምናዊ ክንክን፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍወሳን ምኽርን፡ ኣብ በርን (Bern)፡ ዙሪክ (Zurich)፡ ጀነቫ (Geneva) ከምውንላዛን (Lausanne) ይህብ እዩ፥**
**www.redcross.ch/de/organisation/ambulatorium-fuer-folter-und-kriegsopfer/hilfe-fuer-traumatisierte-menschen**

**ማእከል ፍወሳ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጉድኣት ስዊዘርላንድ Swiss Centre for Psychotraumatology GRAVITA፡ ንግዳያት ስቅያትን ውግእን ከምኡውን ንስድራቤታቶም፡ ሕክምናዊ ክንክን፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ፍወሳን ምኽርን፡ ሰይንት ጋለን (St.Gallen) ይህብ እዩ፥**
**www.gravita.ch/angebot/**

## ማሕበራዊ መድሕን

ስዊዘርላንድ፡ ኣጸቢቑ ዝማዕበለ መርበብ ማሕበራዊ መድሕን ኣለዋ። ረብሓታት ነፍስውከፍ ጨንፈር ማሕበራዊ ውሕስነት፡ ካብቲ እትረኽብዎ ኣታዊ ብዝኽፈል እጃም ኣቐዲሙ ዝምወል እዩ። ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸበ ስደተኛ፡ ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸበ ስደተኛን ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸበ ሰብን ከም ምዃንኩም መጠን፡ ናትኩም እጃም ከተበርክቱ ግዳታ ኣለኩም፣ ከም ዜጋ ስዊዘርላንድ ድማ ረብሓታት ክትረኽቡ መሰል ኣለኩም። ማሕበራዊ መድሕን፡ ነቶም መድሕን ዝኣተዉ ሰባት፡ ኣንጻር ዘጋጥም ሓደጋታት፡ ብገዛእ-ርእሶም ኽቕጻጸርዎ ዘይክእልዎ ፋይናንሳዊ ሳዕቤናት (ንኣብነት፥ ኣብ ግዜ ሽቕለት-ኣልቦነት ወይ ስንክልና) ሓለዋ ይገብረሎም። ንሽማግለታት ዝኸውን መልዕሎ ድማ ኣለዎ። በዓል/ቲ ቤት ወይ ወላዲ (ትሕቲ ዕድመ እንተኾይኖም) ምስዝመውት፡ መልዕሎ ክኽፈል ይከኣል እዩ። ሰራሕተኛታት፡ ኣንጻር ሓደጋታትን ብስራሕ ዝመጽእ ሕማማትን መድሕን እቱዋት እዮም።

**ብዛዕባ ማሕበራዊ መድሕን ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ፥**
**www.bsv.admin.ch/bsv/de/home/sozialversicherungen/ueberblick.html**

**ብዛዕባ መድሕን ሽቕለት-ኣልቦነት ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ፥**
**www.treffpunkt-arbeit.ch/arbeitslos/erste_schritte/**

**ብዛዕባ ካልእ ዓይነታት መድሕን ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ፥**
**www.ch.ch/private/00029/00039/index.html?lang=de**



## ግብሪ

ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸበ ስደተኛ፡ ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸበ ስደተኛን ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸበ ሰብን፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ግብሪ ኽኸፍሉ ይግባእ። ግብሪ፡ ብኣስራሒ ትካል ከምዝኽፈል ይኸውን፣ እዚ ማለት እቲ ሰብ ደሞዝ ቅድሚ ምኽፋሉ ካብ ደሞዙ ብቐጥታ ከምዝጐድል ይኸውን ማለት እዩ (ዓንቀጽ 83 ክሳብ 110 ናይቲ ኣብ 14 ታሕሳስ 1990 ንፈደራላዊ ቀጥታዊ ግብሪ ኣመልኪቱ ዝወጸ ናይ ፈደራላዊ ኣዋጅ)። መጠን ዝኽፈል ግብሪ፡ ካብ ኣውራጃ ናብ ኣውራጃ ይፈላለ እዩ።

# ማሕበራዊ ሓገዛት

B F F

ማሕበራዊ ሓገዛት፡ ብገንዘብ ከፊልቲ ግብሪ ዝምወል እዩ። እቲ ዓቐን ክፍሊታት ማሕበራዊ ሓገዛት፡ ካብ ኣውራጃ ናብ ኣውራጃ ይፈላለ እዩ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ መብዛሕተን ኣውራጃታት፡ መምርሒታት ናይቲ ቅማረታት ዝኽፈል እጃም ኣብ ግብሪ ውዒሉ ይርከብ፣ እዚ ድማ ብማሕበር ትካላት ድሕነት ስዊዘርላንድ (Swiss Association of Welfare Organisations (SKOS) እተዳለወ እዩ። እዚ፡ ብቑዕን ውጽኢታውን ቀረብ ማሕበራዊ ሓገዛት ኣብ ስዊዘርላንድ ንኽህሉ እዩ።

---

B F

ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን፡ ብቁጠባ ርእሶም ዘይክእሉ ምስዝኾኑ፡ ከም ዜጋታት ስዊዘርላንድ መጠን ማሕበራዊ ሓገዛት ንኽረኽቡ ተመሳሳሊ መሰላት ኣለዎም።

---

F

እቲ ግዝያዊ ተቐባልነት ብዝረኸቡ ሰባት ዝሕተት ማሕበራዊ ሓገዛት፡ ብሕጊ ኣውራጃ ክትትል ይግበረሉ። ብሓፈሻ፡ እቲ ግዝያዊ ተቐባልነት ንዝረኸቡ ሰባት ዝውሃብ ማሕበራዊ ሓገዛት፡ እቶም ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን ካብ ዝቕበልዎ ዓቐን ዝተሓተ እዩ።

**ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝስዕብ ኣድራሻ ርኸቡ፥**
**www.skos.ch/sozialhilfe/haeufig-gestellte-fragen**

**እቶም ክሰርሑ ዝኽእሉ ኲሎም ሰባት፡ ማሕበራዊ ሓገዛት ዘይውሃቦምን ንርእሶምን ስድራቤቶምን ድማ ክኣልዩ ባዕሎም ዝኽእሉ ሰባት ንኽኾኑ ትጽቢት ይግበረሎም።**

## ኣገዳሲ ኣድራሻታት

በዓል-መዚታት ኢሚግሬሽንን ዕዳጋ ዕዮን ኣውራጃ፥
**www.sem.admin.ch/bfm/de/home/ueberuns/kontakt/kantonale_behoerden/adressen_kantone_und.html**

በዓል-መዚታት ምሃብ ዜግነት ኣውራጃ፥
**www.sem.admin.ch/bfm/de/home/ueberuns/kontakt/kantonale_behoerden/kantonale_einbuergerungsbehoerden.html**

በዓል-መዚታት ምዝገባ ስራሕ ኣውራጃ፥
**www.sem.admin.ch/bfm/it/home/ueberuns/kontakt/kantonale_behoerden/Adressen_Meldeverfahren.html**

ኣብ ኣውራጃታትን ከተማታትን ብዛዕባ ዝግበር ውህደት ዝምልከት መወከሲ ነቑጣታት፥
**www.sem.admin.ch/bfm/de/home/ueberuns/kontakt/kantonale_behoerden/kantonale_ansprechstellen.html**

## ካልእ ጠቓሚ ሊንክታት

ኦንላይን በዓል-መዚታት ስዊዘርላንድ፥
**www.ch.ch**

ሰክረታርያት ስደተኛታት ክፍለ-ሃገር SEM:
**www.sem.admin.ch**

ፈደራላዊ ኮሚሽን ስደተኛታት EKM:
**www.ekm.admin.ch**



**ዝርዝር ሓበሬታ ሕታም**

ሓታሚ Staatssekretariat für Migration SEM
Quellenweg 6, CH–3003 Bern Wabern
ኣርታዒ Information und Kommunikation, SEM
ግራፊክስ meierkolb, Luzern
ስእልታት Fabian Biasio, Luzern
ምንጪ BBL, Vertrieb Bundespublikationen
CH–3003 Bern
www.bundespublikationen.admin.ch

2 ይ ሕታም 2019





እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ www.sem.admin.ch/info-integration ብመልክዕ ኤለክሮኒካዊ-ሓበሬታ በዞም ስዒቦም ዘለዉ ቋንቋታት ክርከብ ይከኣል እዩ። ጀርመንኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ ጣልያን፣ እንግሊዝኛ፣ ዓረብኛ፣ ትግርኛ፣ ኩርዲንኛ፣ ቲበትኛ፣ ፋርስ፣ ታምል፣ ሶማልያኛ፣ ከምኡ'ውን ሰርብያንኛ/ክሮኤሽያንኛ/ቦዝንያንኛ

www.sem.admin.ch/info-integration